
# መቕድም

# ምእንቲ.ሃገር

## ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ




**ብንጉሰ ገብረመስቀል**

**መቸም ኩሉ ዝሓለፍ ዝነበረ ኣይመስልን'ዩ። እቲ ሎሚ ዘሎ'ውን ጽባሕ ብርግጽ ዘይነበረ ክኸውን'ዩ። እቲ ኣነ ዘርከብኩሉ ወለዶ፡ ነቲ ኸቢድ ጾር ናጽነት ኣብ መፈጸምታኡ ንኸብጽሕ ዝሓለፎ መከራ ብዝግባእ እንተዘይተጻሒፉን እንተዘይተሰኒዱን፡ እቲ ኹሉ ዝሓለፈ ትንፋስ፡ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ኣሰኒፍዎ ዝሕሓለፈ ኣይክመስልን'ዩ።**

**ኣብ ሜዳ- ህ.ግ.ሓ.ኤ ኸለኹ ዘተሓሳስበኒ ዝነበረ ጉዳይ እዩ። በዛ ንእሽቶይ ዓቅመይ "ዝኣመነት ልቢ"፡ "ሴፍ"ን ከምኡ ድማ እዛ ሎሚ ዓብያን ሰፌሓን ዘላ "ካብ ናቅፋ ናብ ናቅፋ" ዘርእስተን ሰለስተ ጽሑፋት፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዘዳለዎ ናይ ስነ-ጽሑፍ ውድድርን ኣብ ካልእን ኣቕሪበ ነይረ።**

**ድሕሪ ናጽነት፡ ነቲ ስነ-ጽሑፍ ተቐቢለ ዝሰንድ ኣካላ ስነዳ ምስ ሓተትኩዎ፡ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ስነዳ "ንምኳኑ ጠርናፊ ረኺቡ፡ ካብ ሳሕል ናብ ኣስመራ ኣትዩ ድዩ?" ዝብል ዘረባ ምስ ኣስምዑኒ ኣዝየ ተገሪመ።**

**ምኽንያቱ ብ 24 ግንቦት 1991 ንኣስመራን መላእ ኤርትራ ክንቆጻጸር ከለና፡ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢሉ ዘኣተወ መሸሰላን ሰነዳትናን፤ እናተዋገእና፡ እናደመናን ጀጋኑ እናቐበርናን ኢና ተረፍ እሳት ኮይና ኣስመራ ኣቲና።**

ታሪኽ ኣሕዋትናን ኣሓትካን ሰኣን ጠርናፊ፡ “እንድዒ - ኣይረኣናን” ክበሃልን ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ዝሓዙ ጹሑፋት ክዝርግሑ ኸትርኢ ከለኻ ግር ይብለካ።

“ዝኣመነት ልቢ” እንትብል ጽሑፈይ፡ ነቲ ኣዝየ ዝፈትዎ ወዲ 16 ዓመት ኣብራሃም ግርማይ፡ ጥይት ጸላእትና ብርእሱ ኣትያ ንሓንጎሉ ዘውጸኣቶ’ሞ፡ ኣነ ግን ልቡ ዝመሰለኒ፡ ክሳብ ሕጂ አናዲያ ኣለኹ። ሰብ ንታሪኽ ጥራይ እዩ ዝነብር። ታሪኽ ጅግንነትና ከኣ’ዩ ከም “ሃገር” ዝሃነጽና፡ ንዝመጽን ወለዶ ዘእምነልና፡ ነቶም ነዚ ቕያ’ዚ ዝመራሕናን ዝተመራሕናን እውን ዘሐብነና ኽብል እፈቱ።

እንሆ ኸኣ ሎሚ ቅድሚ 38 ዓመት ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ ኢለ ዝሰመኽቃ ንእሽቶይ መጽሓፍ ዓብያ ናይ ቅድሚ 50 ዓመት ታሪኽ ሒዛ፡ ምእንቲ ሃገር ‘ካብ ናቕፋ ናይ ናቕፋ” ዝብል መፍለዪ ዝሓዘት መጽሓፍ ኮይና ንሕትመት በቒዓ ኣላ።

ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ክጽሕፍ ማዕረ 10 ዓመት ወሲዱለይ ኣሎ። ሓቲተ ክረጋገጹ ዝነበሩ ጆጋኑን ፈጸምቲ ታሪኽን ዝኮኑ ብጾተይን ኣሃዱታቶም ከይርስዑ፡ ብጎዶሎ ታሪኽ ከይጥቀሱ፡ ኣዝየ ተጠንቂቀ ጺሒፈ ኣለኹ በሃላይ እየ። ግዳ ሰብ ሰብ ካብ ምኻኑ ዝተላዕለ ጌጋ ምስራሕ ስለዘይተርፎ ጌጋታት ምስ ዝርከቡ፡ ዝነበሩ ሰባት ከምዘይነበሩ ምስ ዝንበብ፡ ወይ ዘይነበሩ ሰባት ከምዝነበሩ ምስ ዝግለጽን ወይ ኣብ ታሪኽና ምእንቲ ሃገር ምእንቲ ህዝቢ ኢሎም ከምዘይተበገሱ ኢዶም ንጸላእትና ዝሃቡ፡ ሃገር ከይንፈጥር ሃጌር ኮይና ክይንቅጽል ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝሰርሑ ሰባት ኣስማቶምን ብዘይገብርዎ ብኣሉታ ተጠቂሱ ምስ ዝርከብ ብልቢ ይቕረታ እናሓተትኩ ነዚ ዝምልከት ብልቢ ዝነቀለ መኣረምታ ክጽበ ምኳነይ ክገልጽ እፈቱ።

ነዛ መጽሓፍ ከዳሉ ኸለኹ፡ “ታሪኽ መን ድዩ? ታሪክና እኮ’ዩ” ብምባል ብተበግሶን ብሕቱው ዝበለ ገዛን ኮምፑተርን ኣዳልየን ዝሓገዛኒ ተጋዳሊት ጸሃይነሽ ተዓገስ(ጓል ተዓገስ) ተጋዳሊት ሊያ ተስፋይን፡ ስለ’ቲ ንታሪኽ ኢለን ዘርኣያኒ ልቦና ካብ ልቢ አመስግንነን።

ኸምኡ’ውን ቆንስል ገነራል ማሕሙድ ሺነቲ፡ ብሪጋደር ጀነራል ኣብረሃለይ ክፍለ፡ ኮሎኔል ክብሮም ዳኘው፡ ኮሎኔል ሓጎስ ተኸስተን ነፍስሄር ኮሎኔል ወልዳይ ተድላይ ኮሎኔል ኣብራሃም ገረሱስ (ቢቢሲ)፡ ኮሎኔል ደስበለ ቃለይን፡ ስለ’ቲ ዘረጋገጹለይን ዝሃቡኒን ሓበሬታን ከምኡ’ውን ነቲ ብ1987 ነዛ ናይ መጀመርታ ድርሰተይ በቲ ወሓለ ጽባቀ ጽሒፈቱ ጌሩ ልዕሊ 120 ገጽ ብኢዱ

**ጺሒፉ ንካልኣይ ናይ ስነ ጽሑፍ ውድድር ህዝባዊ ግንባር ንኸሳተፍ ንዝሓገዘኒ ሰዉእ ብጻየይ ፍትዊ ሻምበል ገብረሚካኤል ብልቢ የመስግኖም።**